## 🌿 ብዛዕባና

### 🌿 ብዛዕባ ዛራ ሰላም፥

ዛራ ሰላም ንዘተን ልዝብን ምርድዳእን ናይ ማሕበረ ሰብ ዕብየተን ብወሳንነት እትሰርሕ መድረኽ እያ። ዕላማና ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሖም ዝነብሩ ኤርትራውያን ነንሕድሕዶም ብትሕትና ክራኸቡን ክዛተዩን ካብ ነንሕድሕዶም ክመሃሩን ንዘጠዓየን ንዝያዳ ሓድነትን ምትሕብባርን ከበርክቱን ምግባር እዩ። ብሓጺሩ ናይ ኣተሓሳባ ለውጢ ንምምዕባል እዩ።

### 🌱 ተልእኾና

ትርጉም ለውጢ ክርአ ዝጅምር ሓቀኛ ዝኾነ ዝርርብን ምምይያጥን ምስ ዝህሉ እዩ። ሕብረተ ሰብኣዊ ባህላውን ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ጉዳያትን ተረኽቦታትን ብንጹርነትን ግሉጽነትን ብፍትሓውን ኣገባብ ብምግላጽን ምርዳእን ነቲ ኣብ ማሕበረ ሰብና ተዳኺሙ ዘሎ ምትእምማን ብምምሕያሽን ብምሕያልን ዝምድንኡ ምድልዳል ንኣምን።

### 🌻 ትኩር ተገዳስነትና፥

ነዞም ዝስዕቡ ክንሰርሕ መብጻዓ ንኣቱ፥

- ሓባራዊ ምትእምማን ሰላምን ንምድንፋዕ ንሰርሕ
- ኣብ ኣፍልጦ ዝተሞርኮሰ ሚዛናዊ ዘተን ልዝብን ምትብባዕ - ኣብ "ኢለሞ" ዘይተሞርኮሰ
- መንፈሳውን ባህላውን መንነትካ ንምጽናዕ ምትብባዕ
- ኣብ ማሕበረ ሰብ ዝተኮረ ትምህርትን ጠቓሚ ትሕዝቶን ምቕራብ

🌼 ዛራ ሰላም ናይ ሚድያ መድረኽ ጥራይ ኣይኮነትስ - ድንድል ክትከውን እያ። ኣብ መንጎ ወለዶታትን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ራእይታትን ኣብ መንጎ ኩሎም ኢርትራውያን ድንድል ኮይና ክትሰርሕ እያ።

### 🌱 ብዛዕባ መስራቲ - ቴድሮስ ህብትዝጊ ብርሃነ

ቴድሮስ ብርሃነ ናይዛ ንሰላምን ንሓድነትን ክቡር ባህልና ንምሕዳስን ኣብ ውሽጢን ደገን ዝነብሩ ኤርትራውያን ምምዕባልን ምጉልባትን ምዝርጋሕን ዝዕላማኣ መርበባዊት መድረኽ ዛራ ሰላም ሚድያ መስራቲ እዩ።

ቴድሮስ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ትኩር ጽንዓት ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ካብቲ ኣብ ኤርትራ ንኤርትርውያን ዝነጥፍ ዝነበረ ዘዕበዮ ኣቦ ሓጎኡ ነፍሲ ሔር ኣቶ ህብትዝጊ በይን ዝወረሶ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ገና ኣብ ኣዝዩ ንኡስ ዕድሚኡ ኣብቲ ናይ ኤርትራ ናይ ናጽነት ቃልሲ ክሳተፍ ክኢሉ። ኣብዚ ኣሜርካ ምስ መጸ እውን ስለ ዴሞክራሲ ኣብ ኤርትራን ኣብቲ ካልእ ማሕበረ ሰባዊ ባህላውን ሃይማኖታውን ንጡፍ ግደ ጸኒሕዎ።

ቴድሮስ ኣብቲ ናይ ኤርትራዊ ሲቪካዊ ማሕበራት ካብ ዕስራ ዓመታት ንላዕሊ ተሳቲፉ እዩ። ኣብ ሱዳን ኣብቲ ናብ ኣመሪካ ስደተኛታት ዘምጽእ ትካል ናይ ኣመሪካ ዲሞክራስያዊ መትከላትን ባህልን ኣብ ኣመሪካ ምስ ኣተዉ

ዝሕግዞም ባህልን ቋንቋን ብተርጓማይን መምህርነትን ሰሪሑ። ኣብ ኣመሪካ ድማ ኣብ ሓደ ዘይመኽሰባዊ ኣብ ናይ ማሕበረ ሰብ ሓገዝ ዝሰርሕ ትካል ከም ፋይናንሳውን ምምሕዳርን ጉዳይ ሰሪሑ።

ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ድማ ንጥቓ ዕስራ ዓመታት ማለት 3 ዓመት ከም ውሽጣዊ ተቘጻጻሪ 3 ዓመት ከም ዋና ጸሓፊ 13 ዓመት ድማ ከም ኣቦ መንበር ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ።

ኣብ ሃገረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ኣመሪካን ካናዳን እውን ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ከም ዋና ጸሓፊ ኣገልጊሉ እዩ።

ማሕበረ ሰብና ትምህርቲ ክመሃር ንምትብባዕ ዝኣክል ድም ምሉእ ስራሕ ሓድ ሓደ ግዜ እውን ካልኣይ ስራሕ እንዳ ሰርሐ መጀመርታ ትሕተ ዲግሪ (AAS) ካልኣይ ቀዳማይ ዲግሪ ሳልሳይ ድማ ናይ ማስተር ዲግሪን ዝተፈላለየ ምስክር ወረቓቕትን ፍቓድን ኣለዎ።  እዚ ግን ነቲ ህዝብና እንታይ ዓይነት ትሰርሕ ብዘየገድስ ግዜኻ ኣጻቢብካ ክትመሃር ከምትኽእል ምግላጽን ምትብባዕን ጥራሕ እዩ።

## 🌱 ሓባራዊ መስራቲት ፡ ኣኽበረት ኣሕፈሮም ብርሃነ

ኣኽበረት ኣሕፈሮም ናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ካልኣይቲ ወይ ሓባራዊ መስራቲት ክትከውን እንከላ ኣብቲ ትዋሳኣሉ ማሕበረ ሰብ ጽቡቕ ተቐባልነት ዘለዋ ጽኑዕ ብማሕበረ ሰብካ ኣቢልካ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘለካ ክእለት ምግልጋል እምነት ኣለዋ።  ኣኽበረት ካብ ኣቦኣ ነፍሰ ሔር ኣሕፈሮም የሕደጎ መትከላዊ ማሕበረ ሰብ መራሕን ናይ ዓዲ ዳኛን ዝወረሰቶ ናይ ህዝብኻ ምግልጋልን ርህራሄን ውርሻ እዩ ንንጥፈታታ ዝመርሖ።

ኣኽበረት ብንእስነታ ካልኣይ ደረጃ ከይወደአት እንከላ ኣብ ናይ ኤርትራ ነጻነት ቃልሲ ተሰሊፋ። ኣብኡ ንተጋደልትን ገባርን ናይ ሕክምናን ክንክን ጥዕናን ኣገልግሎት ብትብዓትን ተወፋይነትን ኣገልጊላ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ምስ መጸት እውን ነቲ ናይ ዴሞክራስያዊ መትከላት ናይ ምትግባርን ምስፋሕን ናይ ሲቪላዊ ምንቅሳቓስ ኣብቲ ማሕበረ ሰብ ኤርትራ መንነት ኤርትራዊ መንነት ምዕቃብን ቀጺላቶ እያ።

ኣኽበረት ኣብቲ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን እውን እንተኾነ ኣገዳሲ ግደ ተጻዊታ እያ። ከም ኣባል ሰበኻ ጉባኤ ኮይና ንኣርባዕተ ዓመት ከተገልግል እንከላ ከም ናይ ህንጻ ኮሚቴ ኣባልን ከም ናይ ሓፋሻዊ ሽማግለን 5 ዝኣባላታ ናይ ስራሕ ሽማግለን ኮይና እውን ብተወፋይነት ኣገልጊላ እያ።  ኣብቲ ቤተ ክርስቲያን ብዝተዋህባ ናይ ኮምቴ ኣባልነትን ናይ ምኽርን ኣገልግሎት እውን ትቕጽሎ ኣላ።

ደቃ እንዳ ኣዕብየትን ስድራኣ እንዳ ኣለየትን ኣኽበረት ናይ ትምህርቲ ዝነበራ ድልየት ቀጺላ ናይ ኮምፒዩተርን ሕሳብን ዲግሪታት ረኺባ።  ብባህርያዊ ተወፋይነታ ድማ ዝኸኣለቶ ናይ ማዕዳን ምኽርን ኣብ ከባቢኣ ትልግስ።

ብዛራ ሰላም ሚድያ ኣቢላ ድማ ኣኽበረት ነቲ ናይ ሂወታ ምሉእ ተሞክሮኣ ንማሕበረ ሰብ ምግልጋል ብሕልና ተበርክት።  ኣብ ጎኒ በዓል ቤታ ኾይና ድማ ነዚ ናይ ሰላምን ሓድነትን ናይ ባህልና ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለዉ ኤርትራያን ምምላስን ብተወፋይነት ትሰርሕ።